The America Team for Displaced Eritreans

Hope ተስፋ | Education ትምህርቲ | Opportunity ዕድል | Dignity ክብረት

www.EritreanRefugees.org

**14/12/2010**

# ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ቤት ማእሰርትታት ግብጺ፤ ናብ ኢትዮጵያ ይቅጽል ኣሎ።

# 10 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም!!

ካብ 3-16 ኣዋርሕ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ግብጺ ክሳቐዩ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ 14 ታሕሳስ 2010፡ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ብሰላም ኣዲስ-ኣበባ ኣትዮም። ካብዞም ሎሚ ዕለት ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቶም 4ተ ወተሃደራት ናይ ስርዓት ህግደፍ ዝነበሩ ክኾኑ ከለዉ 3ተ ተማሃሮን 2ተ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑን ሓንቲ ጓል-ኣንስይቲ ይርከብኦም።

ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ዝኣተውሉ ሰዓት፡ ምምሕዳር ቤ/ጽሕፈት ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ፡ ድሙቕ ኣቀባብላን ቀዳማይ ረዲኤትን ድሕሪ ምሃብ፡ ናብ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝርከብሉ መዕረፊ ቦታ ኣፋንይዎም።

ክሳብ ሎሚ ዕለት፡ ካብ ግብጺ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ቁጽሮም 1953 በጺሑ ይርከብ።

## ምስሊ ናይ ሎሚ ኣብ ሰዓታት ቅ/ቀትሪ ካብ ዝኣተዉ የሕዋት ስደተኛታት ብኸፊል!!

